# ዜና ዕረፍቲ

## ሓጺር ታሪኽ ሂወት ክቡር ሓውና ነፍስሄር ጅሮም ጎይትኦም (1941 – 2016)

 

ነፍስሄር ጅሮም ጎይትኦም ካብ ኣብኡ ነፍስሄር ዶክተር ጎይትኦም ጴጥሮስ ሃይለሚካኤልን ካብ ኣዲኡ ነፍስሄር ወይዞሮ ለተንጉስ ብርሃነ ዘርኦምን ብ1941 ዓ.ም ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ተወሊዱ። ነፍስሄር ጅሮም ኣብ መንጎ ኣሕዋቱ ኣብርሀትን ኤስተርን ምስ ወለዱ ብፍቕሪን ሓልዮትን ተማእኪሉ ዓብዩ። ነፍስሄር ጅሮም ካብ ግዜ ንእስነቱ ጀሚሩ ብትምህርትን ስራሕን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ማለት ኢትዮጵያ፡ መክሲኮ፡ ጃፓን፡ ጋና፡ ስፓኛ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን ይነብር ነይሩ። ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ፓምፐሎና ስፓኛ ከምኡ ውን ኣብ ኦታዋ ዩኒቨርሲቲ ካናዳ ትምህርቱ ወዲኡ።

ነፍስሄር ጅሮም ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም 'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ብዝተፈላለየ መዳይ ሃብታም ተሞኩሮ ዝነበሮ ኮይኑ ፈለማ ኣብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ቀጺሉ ኣብ ናይ ካናዳ ኣህጉራዊ ናይ ልምዓት ማሕበር (CIDA)፡ ከምኡ 'ዉን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሓገራት ኣብ ኒውዮርክ ንነዊሕ ዓመታት ኣገልጊሉ። ነፍሲሄር ጅሮም በቲ ዝነበሮ ፍሉይ ፍልጠትን ምልከትን ናይ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ክሳብ እዚ ቀረባ እዋን ኣብ ኣብያተ ፍርዲን ትካላት መንግስትን ናይ ካናዳ ከም ክኢላ ኣስተርጓሚ ቋንቋታት ትግርኛ፡ ኣምሓርኛን ስፓኛን ኮይኑ ንኤርትራውያንን፡ ኢትዮጵያውያንን ቋንቋ ስፓኛ ንዝዛረቡ ዜጋታት ንሓያሎ ዓመታት ኣገልጊሉ።

ነፍስሄር ጅሮም በቲ ዝነበሮ ሃገራዊ ፍቕሪ ተደሪኹ ካብ 70ታት ጀሚሩ ኣብቲ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካን ካናዳን ዝካየድ ዝነበረ ምንቅስቓሳትን ቃልስን ንነጻነት ኤርትራ እጃሙ ዘበርከተ ዜጋ እዩ። ከምኡ ውን ኣብ ንጥፈታት ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ኣብ ኦታዋ ከም ተራ ኣባልን ብደረጃ ሓላፍነትን ኣገልጊሉ እዩ። ነፍስሄር ጅሮም ብዝያዳ ዝልለየሉ ባህሪ ድማ ምስ መንእሰያት ዝነበሮ ፍሉይ ፍቕሪ ኮይኑ መንእሰያት ፍልጠት ደሊቦም ንኽዓብዩ ልክዕ ከም ዓርኪ-መዘና ኮይኑ ብቀረባ እናተራኸበ ብፍቕርን ሓልዮትን ዝኣልን ዝመክርን ኣቦ እዩ ነይሩ። ነፍስሄር ጅሮም ንኣብ ቀረባን ርሑቅን ዘሎ ሰብ ንምሕጋዝ ኩሉ ግዜ ድሉውን ቅሩብን ብምንባሩ ብኹሎም ቤተሰቡ፡ ኣዕሩኽቱን ፈተውቱን ኩሉ ግዜ ክዝከር ክነብር እዩ።

ነፍሲሄር ጅሮም ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ሕክምና ክእለ ድሕሪ ምጽናሕ 25 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም. ብቤተሰቡን ፈተውቱን ተኸቢቡ ኣብ መበል 75 ዓመት ዕድሚኡ ኣብ ከተማ ኦታዋ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

ልዑል እግዝኣብሄር ኣብ ገነቱ ይቀበሎ

ንክቡር ሓውና ነፍስሄር ጅሮም ጎይትኦም ንምዝካር ፍሉይ መደብ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ (late January 2017) ክዳሎ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ መርበብ ተመልከቱ። (http://kellyfhsomerset.sharingmemories.ca/site/jeromeGoytom.html?s=40)